## ኤርትራውያን ተቐማጦ በይ-ኤርያ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ሓድሽ ዓመት 2017 ኣብ ከተማ ኦክላንድ ካሊፎርኒያ ብሓባር ጸንቢሎም

ኣባላት ፖለቲካዊ ውድባት፡ በርገስ ማሕበራትን ካልኦትን ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማታት በይ-ኤርያ ኣብ ከተማ ኦክላንድ-ካሊፎርንያ ተኣኪቦም ንሓድሽ ዓመት 2017 ብሓባር ከም ዘኽበርዎ፡ ዝበዝሑ ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ጽንብል ኣብ ናይ ንእስነት ዕድመ ዝርከቡ ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ምንባሮምን ቤት ጽሕፈት ዜና ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ብ2 ጥሪ 2017 ሓቢሩ።

እቲ በዓል ብወናማት ኤርትራውያን ስነ-ጥበበኛታት ዝማዕረገን ዝማሞቐን ከም ዝነበረ ዝገለጸ እቲ ዜና፡ ሓድሽ ዓመት ብሆይ ሆይታን ግዝያዊ ናይ ደስ ደስ መግለጺታትን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብደሆታትን ዓወታትን ብገምጋም ብምዕጻው፡ ካብኡ ክርከብ ዝከኣል ትምህርቲ ወሲድካ፡ ብሓድሽ መንፈስን ምድላዋትን ናብ ሓድሽ ዓመት ትኣትወሉ ክብል ድማ ኣረዲኡ።

### ዓዲ-ሓርሽን ማይ ዓይኒን ዝነብሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ከባቢኦም ምስ ዝነብሩ ኢትዮጵያውያን ንሕውነታዊ ጉብትናኦም ዘድመቐ ናይ ምዝንጋዕ መደብ ኣዳልዮም ከም ዝተሃደሱ ተፈሊጡ።

እቲ ናይ ሓባር ናይ ምዝንጋዕ መደብ ብ25 ታሕሳስ 2016 ከም ዝተኻየደ፡ መልእኽቲ ናይ'ቲ መደብ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ስደተኛታትን ኣብ'ቲ ከባቢ ዝነበሩ ኢትዮጵያውያንን ዘሎ ፍቕርን ስኒት፡ ንህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓፈሻ ከም ጽቡቕ ኣብነት ንምንጽብራቕ ዝዓለመ ከም ዝኾነን ኣብ ኣሰና ብ3 ጥሪ 2016 ዝተዘርገሐ ዜና ኣረጋጊጹ።

መደብ ሓበራዊ ምዝንጋዕ ንሓድሽ ዓመትን 2017ን በዓል ልደትን ምኽንያት ዝገበረ ኮይኑ፡ ካብ መዓስከር ስደተኛታት ዓዲ ሓርሽን ማይ ዓይኒን ዝመጽኡ ብዙሓት ኤርትራውያን ከምኡ'ውን ካብ ከተማ ማይ ጸብርን ከባቢኣን ዝመጽኡ ኣመሓደርትን መራሕቲ ሃይማኖትን ዝርከብዎም ኢትዮጵያውያን ዝተሳተፍዎ ድሙቕ ምዝንጋዕ ምንባሩን ሓቢሩ።

መደብ ሓባራዊ ምዝንጋዕ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ካብ ኣዲስ ኣበባን መቐለን ብዝኸዱ ኢትዮጵያውያንን ኤርትራውያንን ስነ-ጥበበኛታት ዝተዓጀበ ከም ዝነበረ፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኮይኖም ናብ'ቲ መዓስከራት ካብ ዝመጽኡ ክሳብ ሕጂ ነበርቲ እቲ ከባቢ ብጽቡቕ የተኣናግድዎም ምህላዎም ብምግላጽ፡ ንሕና ከም ስደተኛታት ኮይና ነኽብሮ ምህላውና'ኳ ሕማቕ ዝስመዐና እንተኾነ ከም'ዚ ዝበለ ሓባራዊ ተበግሶ ምክያዱ ግን ዝድነቕን ክቕጽል ዘለዎን'ዩ ከም ዝበሉን ጸብጺባ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 06-01-2017